# ሃ.ማ.ደ.ኤ ጀርመን ብኣጋጣሚ መዓልቲ ኣደ 2014 ዑደት ኣካይደን

ኣባላት ሃማደኤ ጀርመን ካብ ዕለት 10 -11. 05. 2014 ብኣጋጣሚ መዓልቲ ኣደ ናይ ሓባር ዑደት ኣካይደን።

„ነቲ ጥምረትና ዋሕስ ሓድነትና“ ዝብል ቅኑዕ ቴማ ብምኽታል ኣባላት ማሕበረን ዝለዓለ ደረጃ ንምሕያልን ሓድነት ኣባላት ዝያዳ ንምትራርን ካብቲ ክሰርሓሉ ዝጸንሓን ገና ውን ዝሰርሓሉ ዘሎዋ ኩይኑ ብዝያዳ ኩለን ኣባላት ማሕበር ብሓደ ተራኺበን ንኽላለያሉን ዝዛናጋዓሉን ዝወጸ ናይ ነዊሕ መደብ ብዕለት 10-11.05.2014 ኣብ መዓልቲ ኣደ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብድምቀት ተዛዚሙ።

ተሳተፍቲ ኣብቲ ክልተ መዓልቲ ብሓባር ዝወዓላሉ ነዚ ኣጋጣሚ ተጠቒመን ዋዛ ምስ ቁምነገር ዝተፈላለየ ትምህርቲ ሓዘል ንደቀንስትዮ ዝምልከት ኣርእስቲን ኣብ መዓልታዊ ውልቃዊ መነባብሮኣን ዘካይደኦ ተመክሮታት  ብምልውዋጥ በቲ ዝተዳለወ መደባት ሓጎሰንን ኣድናቆተንን ብምግላጽ እቲ መደብ ቀጻሊ ንኽኸውን ኣጥቢቀን ተላብየን።

ዓወት ንሓፋሽ

ሃ.ማ.ደ.ኤ ጀርመን